<u>ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ካብ'ዚ ኢሳያስ ዘርእዮ ቀበጥበጥ ዘይኮነስ፡</u>

<u>ካብ መሪር ቀጥታዊ ተመክሮኡ'ዩ ክመሃር ዘለዎ</u>

***"መንግስቲ" ማለት ብህዝቢ እምነት ዝተነብረሎም እኩባት ሰባት ጉዳይ ህዝብን ሃገርን ንምምላስን ንምምላእን ምምሕድራዊ ስልጣንን ሓላፍነትን ዝርከብሉ ማእከላይ ትካል'ዩ። እዞም ብህዝቢ እምነት ዝተነብረሎም እኩባት ሰባት ብወገኖም፡ ብመሰረት ምምሕዳራዊ ስልጣኖም፡ ሓላፍነቶም፡ ዕለታዊ ጠለባትን፡ ብደሆታትን ህዝብን ሃገርን ኣብ ንምፍታሕ ምንጣፍ ምዃኑ ስነ-መጎታዊ ሓቂ ይመስለኒ። ውጽኢት ዕዮኦም ድማ ብመንገዲ ሃገራዊ ባይቶ ወይ ከኣ ብቐጥታ ንህዝቢ ሓበሬታ ዝህቡን ዝሕተቱን'ውን እዮም።***

***ብዘይካ'ዞም ኣብ ላዕለዋይ ጽፍሒ ስልጣን ዝተቐመጡ እኩባት ሰባት ወይ ሰበ-ስልጣናት፡ ዋላ'ኳ ደረጃ ሓላፍነቶም ትሑትን ድሩትን እንተኾነ፡ ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ዝተዘርገሐ፡ መራኸቢ መስኖታት ወይ ገመዳት'ውን ኣካል ኣምሳል ናይ'ቲ መንግስቲ ዝበሃል ትካል'ዮም። ኩሉ ተልእኾኦምን ዕለታዊ ግብራዊ ንጥፋታቶምን ከኣ ብቀስተ ግዜ ዝተቓነየን ዝተደረተን'ዩ። ናይ'ቶም ከም ህግደፍ ዝበሉ ሕግን ሕጋውነት ዘየገድሶም ከም ቃሕታኦም ዝኸዱ መለኽቲ መንግስታት ከይሓወስና፡ ኣብ'ቶም ብህዝቢ ስልጣን ዝርከቡን ደረት ስልጣኖምን ብግቡእ ዝፈልጡን ውድባትን መንግስታትን ብመሰረት ልሙድ መንግስታዊ ኣካይዳ ድሕሪ ዝተወሰነ ግዜ ብመንገዲ ምርጫ ኣቢሎም ናብ ካልእ ዘሰጋግርሉ ሕጋዊ ቀይድታት ዘለዎ'ዩ።***

***እዚ ኣብ ላዕሊ ከቕርቦ ዝሃቀንኩ እንታይነት ማእከላይ መግስቲ ኣዝዩ ሓፈሻዊ ኮይኑ፡ ዳርጋ ኩለን ሃገራት ዓለምና ዝሰርሓሉ ኣገባብ ምዃኑ ከዘኻኽር እደሊ። ዳርጋ ኩለን ሃገራት ዓለምና ዝሰርሓሉ ካብ በልኩ'ምበኣር፡ ብከም'ዚ ኣቐድም ኣቢለ ዝገለጽክዎ'ሞ ከም ቅቡል ኣገባብ ድማ ዝውሰድ፡ ብከምኡ ዘይሰርሓ ሃገራት ኣለዋ ማለት'ዩ። እሞ ዝኸበርኩም ኣሕዋትን ኣሓትን፡ እቲ ቅኑዕ ኣገባብ ወይ ኣካይዳ ተሓታትነት ብዘለዎ መስኖታት ተኣሳሲርካ ምኻድ ግዜኡ ምስ ኣኸለ ከኣ ብወግዒ ምቅብባልን ካብ ኮነ፡ እዞም ካብ'ዚ ወጻኢ ብዊንታኦም ዝኸዱ መንግስታት ናይ ብሓቂ መንግስታት ተባሂሎም ክጽብጸቡስ ቅኑዕ ድዩ? ይከኣል'ድዩ ኸ? ንኤርትራ ዝመርሕ ዘሎ (ብወገነይ መንግስቲ ወይ ስርዓት ክብሎ ይኸብደኒ'ዩ) ጉጅለ ሓደ ካብ'ቶም ፍጮታት'ዩ። ኩሉ ባህሪኡ ኣካይዳኡ ልቢ ኢልና ንተዓዘብ። መንግስቲ ኢልካ ክትጽውዖ ዝድርኽ እንታይ ኣለዎ? ብከመይ ኣብ ስልጣን ወጺኡን ከመይ የመሓድር ኣሎ ብዘየገድስ፡ ንሓንቲ ልኡላዊት ሃገር ይመርሕ ካብ ሃለወ እወ መንግስቲ'ዩ ዝብሉ ወገናት ከም ዘለው ይርደኣኒ'ዩ። ኣረኣእያኦምን ሚዛኖምን ስለ ዝኾነ ኣኽብረሎም'የ። እንተ ብወገነይ ኩሉ መንግስቲ'የ ዝብል መንግስቲ ስለዘይኮነ፡ ኩሉ ሕጋዊ'የ ዝብል'ውን ሕጋዊ ስለዘይኮነ ጉጅለ ህግደፍ መንግስቲ'ዩ ኢለ ክቕበል ኣእምሮይ ኣይቅበሎን። እቲ ቀንዲ መዕቀኒ ንሱ እንታይ ይብል፡ ንነብሱ ከመይ ይገልጻ ዘይኮነ፡ ሕጋዊት ትካላዊ ትሓታትነትን ግብራዊ ኣሰራርሓኡን ብምዃኑ፡ ጉጅለ ህግደፍ መንግስቲ ዘብሎ መዕቀኒታት ኣየማለአን ናይ ዓዋሉ እኽብካብ'ዩ ዝብል ሚዛን'ዩ ዘለኒ። ኣብ ማህደር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ናይ ዝፈሸላ ሃገራት መዝገብ ከምዘሎ ዝፈልጥ ይፈልጦ ይመስለኒ። ኤርትራ ድማ ቀልጢፍና እንተዘገላጊልና'ያ በዚ ህግደፍ ዝኸዶ ዘሎ ናብ ፍሽለት ተምርሕ ምሕላዋ ክንሓብኦ ወይ ክንክሕዶ ኣይግባእን። ህልዊ ሓቂ ተቐቢልና ንምዕጻፉ ክንረባረብ ምስ እንበቅዕ፡ ደኣምበር፡ ፈጋዕጋዕ ንዝበለ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ምስልና ክንሓብእ ምፍታን'ሲ ከንቱ'ዩ በሃሊ'የ።***

***ዕለታዊ ስቅያትን ከልበትበትን ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብ ዝንጸባረቐሎም ዘሕፍሩን ዘይቅቡላትን ጎደሎታት ሓደ፡ ንቡር መንግስታዊ ምምሕዳራዊ ቅርጻ ዘይምህላው ይመስለኒ። ማእከል ናይ'ዚ ከም'ዚ ዝበለ ብዊንታኻ ሃገር ምምራሕ ከኣ ካልእ ዘይኮነ ኢሳያስ ኣፈወርቂ'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ብቀጻሊ ብቀብጥበጥ ናይ'ዚ ብትምክሕቲ ዝሰኸረ ግን ከኣ ብጭንቀት ዝሳቐ ዘሎ ሰብ ክምዘን ክግለጽ ጸኒሑ ኣሎ። ኣብ ክንዲ ስርዓት ኢሳያስ ወይ ጉጅለ ህግደፍ ከም'ዚ ዝበለ ሕጋዊ ጥሕሰት ገይሩ። ኢ-ሰብኣዊ ባርባራዊ ግፍዕታት ፈጺሙ። ስለዚ ከኣ ብደላዪ ሰላም ማሕበረ-ሰብ ዓለም ተኾኒኑ ተኣጊዱ ዝበሃል፡ ኤርትራ ከም'ዚ በለት ገበረት ክበሃል እንከሎ፡***

በሃልቲ ምስትኽኻል እንተዝግበርሉ ጽቡቕ ምኾነ እብል። ምኽንያቱ ህዝቢ ኤርትራ ተበዲሉ ደኣምበር እንታይ ኣቢሱ? መሰሉ ዘየኽበረ ህዝቢ ኣጽሊላ ትርከብ ኤርትራ ኣይትክሰስ ኣይትምንስ። ኤርትራዊ ስለዝኾነስ ንሱ ዝገብሮ ከም ሕጋዊ ወኪል ሃገር፡ ኤርትራ ገይራቶ ክበሃል ልክዕ ኮይኑ ኣይስመዓንን። ህግደፍ'ኮ ሕጋዊ ውክላ ዘይብሉ ብምኻኑ ጥራሕ ዘይኮነስ ንጥፍኣት ህዝብን ሃገርን ዝሰርሕ ዘሎ መሳርሒ ዕንወት ዝኾነ ጸረ-ህዝቢ ጉጅለ'ዩ። እዚ መላኺ ዝበደሎ ዝኣበሶ'ኮ ቁጽሪ የብሉን። ከም ህዝቢ ሰላምና ዘረግዎ። ቅዋም ከይህልወና ገይሩ። ፍትሒ ቀቢሩልና። ኣብ ተኸታታሊ ኩናት ጠቢሱና። ንድኽነት ኣሳጢሑና። ንስደት ኣቃሊዑና። ጥራሕ ኢድና ኣትሪፉና። ስለዚ ዘይገባሪ ጽቡቕና ምኻኑ ተረዲእና ንንቃሕ ንወደብ ንመሰልና።

ደቂ-ማእከላይ ምብራቕ ክምስሉ እንታይ ይብሉ ይመስለኩም፡ "ዘውዲ ዝደፍኣስ ግዜ ብዝሓለፈ ልቢ የዕቢ"። ህዝቢ ኤርትራ ግን ካልእ'ዩ ተመክሮኡ። እዚ ሕጂ ብሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝጽዋዕ ዘሎ'ውን ዘለዎ ተመክሮ፡ ንዓይ ጥራሕ ይጥዓመኒ ስሱዕ ኣተሓሳስባ። ብመን ከማይ ኣእምሮ ምስሓት። ስለዚ ከኣ ቀጻሊ ሕሰም፡ ጭቆናን ምብትታንን'ዩ። ተመክሮታቶም ብዛዕባ ብግዜ ዘይግራሕ ዘይእረም ናይ ቀበጥበጥ ቃላይ'ዩ። ሓደ ብጥልመቱ ዘይሓፍር ብስልጣን ሃርገፍገፍ ዝብል ውልቀ-ሰብን ዘሰዓቦ ክሳራታትን'ዮም ክሰምዑን ክዕዘቡን ጸኒሖምን ዘለውን። እዚ ሰብ ኣብ እዋን በረታዊ ቃልሲ ንሃገራዊ ነጻነት ኣብ ደቂ-ሃገር ዝፈጸሞ ገበናዊ ተግባራት ከይዘርዘርና፡ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ኣብ'ዞም ዝሓለፉ ልዕሊ 25 ዓመታት ጥራሕ፡ ብደም፡ ብግዜ፡ ብጉልበት ሓያል መስዋእቲ እናኸፈሉ ዝመጽኡ ምኻኖም፡ እኹል ኣብነት'ዩ ዝብል ተረድኦ ኣለኒ። ስለዚ ህዝቢ ክነቅሕ ክበራብር ክቃለስ እቲ እንኮ ኣማራጺ ምኻኑ ተገንዚቡ ሓርነት ንምዕታር ብቆራጽነት ክምርሽ ይግባእ እብል።

ኢሳያስ ኣፈወርቂ ብዕድመ ዝደፍአ ሽማግለ ደኣ ይኹም'ምበር፡ ልቢ ኣዕቢዩ ካብ ጉድለታቱ ክእርነብ ቅኑዕ መንገዲ ክኽተልሲ ባህሪኡ ኣይፍቅደሉን'ዩ። እሞ ኸ ደኣ ንሱ ከምኡ ኢሉ ቀበጥበጥ፡ ንሕና ከኣ ከምኡ ኢልና ኣስተናገድቲ ናይ'ዚ ቀበጥበጥን ሚንንን ክንከውን? ኣይፋልናን! እምቢ ኣይጸዓድን። ኣነ ንመሰለይ ኣለኹ ባዕለይ ደኣ ንበል። ምኽንያቱ ጸልማትና እነውግሖ ንሕና ባዕልና ኢና።

ዓብደል ቓድር ፈረጅ

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 22-03-2017